

# ብሥራት

ጥቅምቲ- 2018 ዓ.ም.ፈ. ኅታም ቊ.126 ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asma-

## ጥቅምቲ 2018

### ክብረ ብዓል ቅዱስ ፍራንቺስኮ ኣሥመራ

ውትሩ ዕለት 4 ጥቅምቲ ዓመታዊ ክብረ ብዓል ቅ.ፍራንቸስኮ ዝብዓለሉ ዕለት እዩ። ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ፡ ብዙሓት ኣባላት ንኡሳን ኣሓው ማሕበር ካፑቺንን ብዙሓት ካልኦት ውሉደ ክህነትን ምእመናን ነጋድያን ካብ ቁምስናታትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብዓብይ ስነስርዓትን ኣገባብን ተኸቢሩ።

ነዚ በዓል ብዝምልከት ኣስተምህሮታትን ጸሎትን መንፈሳዊ ምስንዳውን ክግበር ድሕሪ ቀንዩ ብድሮ በዓል ከኣ ሊ.ቃውንቲ ያሬዳውያን መዘምራን ብዋዜማ ንቅዱስ ፍራንቸስኮ ክውድሱ ኣምስዮም። ንጽብሒቱ ማኅሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ ብብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ዝተመርሐ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ። ድሕሪ መስዋዕተ ቅዳሴ ታቦት ብለባሲያን ተዓጂቡ ካብ ቤተክርስቲያን ድሕሪ ወጺኡ፡ ዑደት ብቡራኬ ቅዱስ ቁርባንን ብጸሎት ምህለላን መንፈሳዊ መዛሙርን ተዓወደ። ዑደት ምስተዛዘመ ሊ.ቃውንቲ ያሬዳውያን ኣማን ብኣማን ፍራንቸስኮስ ጽጋየ እናበሉ፡ ንኽብሪ ቅዱስ ፍርናቸስኮስ ድህሪ ዘሚሮም ፡ መንእሰያት ድማ ብወገኖም ናይ ሓባር መዝሙር ኣቕረቡ።

ካብዚ ብምቕጻል ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት፡ "ፍቅራት ሕዝበ እግዚኣብሔር ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዓቢ ቅዱስን ሰባኺ ወንጌልን ከምዝኾነ ኩልና ንፈልጦ ኢና። ኣብዚ ቅዱስ ወንጌል ከምዘንበብናዮ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድስና ክትበጽሑ ሃብትኹም ኣብ ምድሪ ኣይትግበሩ፡ ኣብ ሰማይ መዝገብ ይሃሉኹም ኢሉና። ከመይ ሃብቲ ዓለም ሓላፍን በራስን ኮይኑ የጋግየካ እዩ። ብዛዕባ እዚ ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዓቢ ትምህርቲ እዩ ዝምህረና። ሽሕኳ ኣቡኡ ሃብታም በዓል ስልጣን እንተነበረ ብላሽ ሙኳኑ ተረዲኡ ኣንጻር ስድራኡን ፈተውቱን ይኸይድ፣ ንኹሉ ኒዑቁ ናይ ሰማይ ሃብቲ ይመርጽ። ኣብ ቅዱስ ፍራንቸስኮ ክልተ ዓበይቲ መንፈሳውያን ሓይላት ንርኢ፣-

1ይ. ትሕትና፦ ኩሉ ናይ ኣምላኽ እዩ፡ ኩሉ ድማ ብፍቃድ ኣምላኽ እዩ ዝኸውን፡ ኢሉ ብልቢ ሰለ ዝኣመነ ብትሕትና ንኹሉ የኽብር፡ ብፍላይ ንፍጡራት ህያብ ኣምላኽ እዮም ኢሉ ብትሕትና የምስግን። መዓርገ ክህነት ኣዝዩ ክቡር እዩ፡ ስለዚ ይትረፈኒ፡ ኣነ ካህን ክኸውን ኣይበቅዕን እየ ኢሉ ብትሕትና ተራ ወዲ ማሕበር ክኸውን መሪጹ። መንገዲ ጽድቂ ትሕትና ሙኳኑ ንኹልና ይምህረና።

እታ 2ይቲ መንፈሳዊ ሓይሊ ካብ ቅዱስ ፍራንቸስኮ ንምሃራ ድማ ድኽነት እያ። ወንጌል ንኽልተ ጎይቶት ክትግዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም ከምዝብለና ከም ቅዱስ ፍራንቸስኮስ መንፈስ ድኽነት ለቢስና ሓልዮት እግዚኣብሔር ክንኣምን ኢና ንጽዋዕ ዘሎና። ኢየሱስ "ኣይትጨነቁ ነዕዋፍ ሰማይንን ንዕንባባ መሮርን ተመልከቱ ኣምላኽ እዩ ዝሓልየሎም፡ ካብኣቶም ንስኹም ትበልጹ፡ ሰብ ተጨኒቁ ኣብ ቁመቱ ሓንቲ እመት እኳ ክውስኽ ኣይክእልን እዩ፡ መጀመርያ መንግስቱን ጽድቁን ድለዩ" ይብለና። ንሕና ግና ብብዙሕ ነገር ኢና ንጭነቅ። መንፈስ ድኽነት ዝለበሰ ሰብ እዩ ኣብ ሓልዮት ኣምላኽ ዝኣመን። መንፈስ ድኽነት ስእነት ማለት ኣይኮነን፡ ልብኻ ንኣምላኽ ምሃብ እዩ፡ ድኽነት ማለት ናጻነት ማለት እዩ፣ ከመይ ናይዛ ዓለም እዚኣ ሃብቲ ሰላም ኣይህበካን እዩ።

ድኽነት ክብሃል እንከሎ ከም ስእነት ጌርና ንወስዶ ንኸውን ወይ ይመስለና ይኸውን ከምኡ ኣይኮነን፡ እቲ መንፈሳዊ ወይ ወንጌላዊ ትርጉሙ ልብኻ ንእግዚኣብሔር ጥራይ ምሃብ ማለት እዩ። ብሓቂ ቅዱስ ፍራፍቸስኮስ ብዙሕ እዩ ዝምህረና፡ ከምቲ ንሱ ብመንፈስ ድኽነት ተመሪሑ ድኻ ኣገልጋሊ ዝኾነ ንሕና ድማ ንዕኡ ንምሰል።" ድህሪ ምባል ቀጺሎም ኣብ ሮማ ብዛዕባ "መንእሰያት፡ እምነትን ምልላይ ጸዋዕታን" ዝብል ኣርእስቲ ብዛዕብ መንእሰያት ሲኖዶስ ይካየድ ስለ ዘሎ ኩልና ጸሎት ንግበር ብምባል ስብከቶም ዛዚሞም። ድሕሪ መዛዘሚ ቡራኬ ኣቶ ወልዱ ኣድሓኖም ብዝቐረቧ ሃናጺት ግጥሚ እቲ መደብ ተዛዙሙ።

### ዝኽረ በዓል ቅድስቲ ማርያም ሮዛርዮም- ካቴድራል ኣሥመራ

ዓመታዊ ኽብረ በዓል: ናይታ ግርማ ከተማ ኣሥመራ ዝኾነት፡ ደብረ ቅድስቲ ማርያም ዘሮዛርዮም ኣሥመራ፡ ሰንበት 7 ጥቅምቲ 2018 ዓ.ም. ካበየ ቁምስናታቶም ዝመጹ ነጋድያን ብዙኃት ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረክብሉ፡ ብዓብይ ዓጀብን መንፈሳውነትን ከቢሩ ውዒሉ።

ብዕለቱ ሰንበት ንግሆ ከኣ ክቡር ኣባ ሃብተማርያም ዓድዑመር ዝመርሕዎ ብዙሕ ሕዝቢ ዝተሳተፎ መስዋዕተ ቅዳሴ ብሥርዓተ ግዕዝ ዓሪጉ።

ድሕሪ ስርዓተ ግዕዝ ድማ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ ዝመርሕዎ ብስርዓተ ላቲን ቀጺሉ፡ ሰዒቡ እውን ካብ ካተድራለ ተበጊሱ በቲ ልሙድ ቦታ ዑደት ተኻይዱ። ድሕሪ ዑደት ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት፣ "ማርያም ንቃል

ኣምላኽ ሕራይ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ ኢላ ዝተኣዘዘት ክብርቲ ኣዴና ስለ ዝኾነት ብሓቂ ከነኽብራ ይግብኣና እዩ እሞ ንዕኣ ንምሰል፡ ንኣምላኽና ንተኣዘዝ፡ ጸሎት ንፍቶ፡ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቦና ፍራንቸስኮ እውን ጸሎት መቑጸርያ ክንደግም ሓደራ ይብሉና እለዉ፡ ከምኡ እውን ቤተክርስቲያን ካብዚ ዘላቶ ኩነታት ወጺኣ ኣዝያ ምእንቲ ክትብርትዕ ብኣማላድነት ቅዱስ ሚካኤል ንጸሊ ይብሉና ኣለዉ” ብምባል ስብከቶም ኣሰምዑ፡ ብድሕሪ ዚ ከኣ እቲ መደብ ብእግዚኦታን ብመዙሙር ምስጋናን ተዛዚሙ።

## ክብረ ብዓል ቅዱስ ዳኒኤል ኮምቦኒ

ብዕለት 10 ጥቅምቲ 2018 ዓመታዊ ክብረ ብዓል ቅዱስ ዳኒኤል ኮምቦኒ፡ ኣብ ውሽጢ ገዳም ኣብ ዝርከብ ቤት ጸሎት ደናግል ኮምቦኒ ብናይ ቅንያቱ ጸሎትን ኣስተንትኖን፡ ብናይ ድሮ ዋዜማን ብናይ ዕለቱ መስዋዕተ ቅዳሴን ከቢሩ ምዒሉ። ኣብቲ ቤተ ክህነትን ደናግልን ምእመናንን ዝተሳተፍዎ ብጹዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግስትኣብ ተስፋማርያም ምስ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ለባስያን ካህናትን ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ብብጹዕ ሊቀጳጳሳት ነቲ በዓል ኣመልኪቶም ኣብ ዘስምዖ ቃል እግዚኣብሔር፡ “ቅዱስ ጳውሎስ ወንጌል እንተሰብኽኩ ጽቡቅ እንተዘይሰበኽኩ ግና ወይለይ ይብል። ምኽንያቱ ስብከተ ወንጌል ምርጫ ኣይኮነን።

ቅዱስ ዳኒኤል ኮሞቦኒ ነቲ ኪዱ ኣበስሩ ዝብል ቃል ክርስቶስ ብግብሪ ኣርእይዎ እዩ። ነተን ዝጠፍኣ መጓሰ ጎይታ ክደሊ እዩ ላዕልን ታሕትን ኢሉ። ኩሉ ዓለም፡ ንሕዝቢ ኣፍሪቃ፡ ክብርታት ዘይብሎም፡ ከስተውዕሉን ከመዛዝኑን ዘይክሉ፡ ሕዝቢ ኣፍሪቃ ኣዝዩ ብዙሕ ስለ ዝነበረ ሽሕ ግዜ ሕይወቱ ምእንታኦም ክሕልፍ ደለየ። ኣብቲ ግዜ እቲ ኮምቦኒ ኣተሓሳስብኡ ሰፊሕ ነይሩ። ነቲ ስብከተ ወንጌል ዶብ ከይፈለየ ካህናትን ዓለማውያንን ዝሳተፉሉ ሜዳ ገበሮ።

ቅድሚ 2ይ ጉባኤ ቫቲካን፡ ብዛዕባ ስብከተ ወንጌል ናይ ቤተክርስቲያን ሓሳብ ንኮምቦኒ ንጹር እዩ ነይሩ። ናይ ዳኒኤል ኮምቦኒ መንፈሳውነት ብናይ ሕያዋይ ጓሳ ዝተዓብለለ እዩ ነይሩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ጠመተኡ ኩሉ ግዜ ኣብ ቅዱስ ልበ ኢየሱስን መስቀልን እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ብዙሕ ፍረ ፈርዩ። ንሕና ድማ ኣሰሩ ተኸቲልና ኣምላኽ ዝኸብረሉ ፍረ ክንፈሪ ኣማልድነቱ ኣይፈለየና” ብምባል ስብከቶም ኣሰምዑ። ድሕሪ ቅዳሴ ናይ ሓባር ቁርሲ ምስ ተግበረ እቲ ብዓል ብመዝሙር ምስጋና ተዛዙሙ።

## ሓዋርያዊ ምብጻሕ ኣብ ደብረ ማርያም ጽዮን ዓዲ ንኣምን

ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መግሥትኣብ ተስፋማርይም ካብ14-13 ጥቅምቲ 2018 ኣብ ደብረ ማርያም ጽዮን ዓዲ ንኣምን ሓዋርያዊ ምብጻሕ ኣካይዶም።
ብዕለት 13 ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣብ ከባቢ ቤተክርስቲያን ደብረ ማርያም ጽዮን ዓዲ ንኣምን ምስ በጽሑ ካህናት ደናግልን ምእመናን ብዓቢ ክብሪ ተቐቢሎሞም።
ንጽብሒቱ ሰንበት ዕለት 14 ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣብ ግዜ ቅዳሴ ኣብ ዘሰምዕዎ ቃል ስብከት፡ “ክርስትና ክንነብሮ ዝግብእና ቅዱስ ሕይወት እዩ። ከምቲ ቃል ቅዱስ መጽሓፍ ዝብለና፡ እቲ ዝጸውዓና ሰማያዊ ኣቦና ቅዱስ ስለ ዝኾነ ንሕና ድማ ቅዱሳት ክንከውን ይግብኣና። ስለዚ ኣብ ሕይወት ክርስትና ከምቲ ዝግብኣና ክንመላለስ እንተኮይኑ። ኣርባዕተ መሰረታውያን ነገራት የድልያና 1ይ. ጸሎት 2ይ. ቃል ኣምላኽ 3ይ. ምስጢራት 4ይ. ግብረ ሰናይ” ብምባል ሃናጺ ቃል ምስ ኣሰምዑ፡ ቀጺሎም ሓድሽ ካህን ኣባ ብእምነት ኣለም ወዲ ማሕበር ካህናት ፓቮኒ፡ ቀሞስ ናይ ደብረ ማርያም ጽዮን ዓዲ ንኣምንን ኣብ ከባቢኣ ናይ ዘለዋ ቢት ጸሎታትን ከም ዝተሾሙ ንህዝቢ ገሊጾም።

ብድሕሪ እዚ ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ ምስ ሕዝቢ ብሓባር ናይ ምሳሕ እንግዶት ምስ ተገብረ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ምስ ሕዝቢ ኣኼባ ኣካይዶም። ክቡር ኣባ ምሕረትኣብ ሰለሙን ሓለቃ ማሕበር ፓቮኒ፡ ቀሞስ ናይቲ ደብሪ ስለ ዝነበሩ  ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ጸብጻብ ኣቕረቡ። ኣብ መጨረሻ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ምስ ኣምሓደርቲ ዓዲ ዘትዮም፡ እቲ ናይ ምብጻሕ መደብ ድማ ብጸሎት ምስጋና ተዛዚሙ።

## ዓውደ መጽናዕቲ መንእሰያት

ብዕለት 13 ጥቅምቲ 2018 ኣብ ኣደራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ካብ ደገ ብዝመጹ ክልተ ኣባላት ማሕበር ዓለምለኻዊ ሚስዮናውያን (International missionary association)፡ ንናይ ሕክምና ሞያ ዘለዎም መንእሰያት ኣሠመራ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ኣካይዶም። ኣብዚ 35 ዝኾኑ መንእሰያት ተረኺቦም ነይሮም።

እዞም ኣብ ላዕሊ ስሞም ዝተጠቕሰ ማሕበር ኣብ ዓዲ ጣልያን፡ ታንዛንያ፡ ህንዲ ቤት ጽሕፈት ኣለዎም። ናይ’ዚ ማሕበር’ዚ ኣገልግሎት ድማ ኣብ ሓፈሻዊ ሕክምናን ናይ ኤች ኣይቪ ሕሙማትን፡ ከምኡ’ውን ኣብ ስደተኛታትን ዘተኮረ እዩ።

ነዚ ዓውደ መጽናዕቲ ዝመርሕዎ ዝነበሩ እናቴ ኣንቶኔታን ሉቃስ ዝብሃል ብዓል ሓዳርን

እዮም። ዕለማ ናይቲ ዓውደ ምጽናዕቲ ሓኪም ኮይንካ ብኽመይ ንሂወት ክርስቶስ ናብ ካልኦት ተንጸባርቆ ዝብል እዩ ነይሩ። ንሳቶም ኣብ መግለጺኦም፡ “ከም መጠን ክርስቲያን ኩልና ተማሂርና ክንምህር፡ ፈሊጥና ንኻልኦት ከነፍልጥ ትሑዛት ኢና። ከምቲ ኣብ ማቴ 28፡19-20 ዝብለና ንዝረኸብናዮም ኩሎም ብግብርናን ብቓልናን ብኹሉ ኣካይዳናን ንኢየሱስ ኣባና ከምዝርእይዎ ክንገብር ይግብኣና። ንኢየሱስ ኣብ ሂወትና ከነንጸባርቆ ንጽዓር፡ ብሂውትና ንስበኽ። ነዚ ድማ ከምቲ ንሱ ዝበለና ኮይና ክንመላለስ እንክሎናን ንዕኡ ክንመስሎ እንከሎናን ኢና ንገብሮ። ኣብ መወዳእታ ድማ ሕቶን መልስን ምስ ተገብረ እቲ መደብ ብጸሎት ተዛዚሙ።

**ሓዋርያዊ ምብጻሕ ናብ ደናግል ኦርሶሊነ ጾሮና**

**ብዕለት 11 ጥቅምቲ 2018 ብጹዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግስትኣብ ተስፋማርያም እናቴ ሮዚና ኢዮብ ሓለቓ ማሕበር ደናግል ኦርሶሊነ ተሰንዮም ኣብ ጾሮና ምብጻሕ ኣካይዶም።ኣብ ዓዲ ነብሪ ምስ በጽሑ ኣብኡ ንዝርከባ ደናግል ደቂ ፍቅሪ ቡራኬኦምን ሰላምትኦምን ድሕሪ ሂቦምወን ጉዕዞኦም ንጾሮና ቀጸሉ። ብጹዕ ሊቀጳጳሳት ካብ ገለ ዓመታት ከይርኣይዎ ዝጸንሑ መንገዲ ተዓርዩን ጸቢቁን ብምርኣዮም ዝተሰምዖም ሓጎስ እናገለጹ ብሰላም ናብ ጾሮና ኣተዉ። እተን ብዓቢ ሃንቀውታ ዝጸበያኦም ዘነበራ ድናግል ድማ ቀጽሊ፡ ሰየ፡ ሰዊት ዕፉን፡ ዝሓዙ ተምሃሮን መምህራንን ሕጻናትን ብመስርዕ ኣሰንየን ብመዝሙርን ብእልልታን ድሙቕ ኣቀባብላ ገይረናሎም።**

**ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ንኹሎም ብኽብሪ ዝተቐበልዎም ቃል ሰላምታ ምስ ሃቡ፡ ንተምሃሮ ኣብ ትምህርቶም ከመይ ይኸዱ ከምዘለው ተወኪሶም ሓበረታ ምስ ረኸቡ፡ ኣካዳሚያዊ ፍልጠት ጥራይ ዘይኮነስ መንፈሳዊውን ሞራልውን ትምህርቲ እውን ጎድኒ ጎድኒ ከምዝድሊ ምኽሮም ድሕሪ ምልጋስ ቡራኬኦም ሂቦሞም።**

**ብድሕሪ እዚ ኣብ መንበሪ ቤት ደናግል ዘሎ ቤት ጸሎት ኣትዮም ሓጺር ናይ ምስጋና ጸሎት ኣዕሪጎም። እዛ ቤት ጸሎት እዚኣ ባዕሎም ክትህነጽ እንከላ እመነ መሰረት ዘንበሩላን ምስ ተዛዘመት ከኣ ባዕሎም ዝባረኽዋን እያ።**

**ድሕሪ ቁርሲ ንኹሉ እቲ ብደናግል ዝካየድ፡ መዋእለ ሕጻናት፡ ቤት ትምህርቲ መባእታ፡ መሰልጠኒ ማእከል ደቀንስትዮ በብሓደ እናተዛወሩ ኣባታዊ ምኽሮምን ቡራኬኦምን ለጊሶሙሎም።**

**ኣብ ናይ ምሸት ክፍለ ጊዜ ከኣ ምስ ኩለን ደናግል ሓበራዊ ጸሎት ብምግባር ብቓል ኣምላኽ ኣተባቢያመን። ንጽብሒቱ ዕለት 12 ጥቅምቲ ንግሆ ኣብ ግዜ ቅዳሴ ንደናግል ዕብየት ጸዋዕታአን ብምሙጓስ “ጸዋዕታና መሰረቱ እምነት እዩ፡ ምኽንያቱ ከምዚ ዝበለ ናይ ተጋድሎ ሕይወትን ተወፋይነትን እሞ ከኣ ኣብዚ ካብ ኩሉ ግልል ዝበለ ቦታ ስብከተ ወንጌል ከተካይዳ ዝደፋፋኣክን እምነት ኢዩ። ዋጋ ጸዋዕታና ብእምነት ስለ እነረጋግጽ፡ ብኸምዚ ዝበለ ተወፋይነት ትነብራ ኣሎኽን። እግዚኣብሔር ጸግኡን ሓይሉን የብዝሓልክን“ ብምባል ኣተባቢያመን።**

**ድሕሪ ቁርሲ ድማ ደናግል ኦርሶሊነ ዘንጽሕቲ ድንግል ማርያም፡ በዚ ናይ ብጹዕ ሊቀጳጳሳት ዝተገብረለን ሓዋርያዊ ምብጻሕ ዓቢ ሓጎስን ምትብባዕን ከምዝተሰምዐን ብምግላጽ ልባዊ ምስጋና ምስ ኣቕረባሎም ብሰላም ንኣስመራ ተመሊሶም።**

**ኩብረ ብዓል ኪዳነ ምሕረት ሰንበል ኣሥመራ**

**ወትሩ ዕለት 16 የካቲት ዝብዓል ዝነበረ ዓመታዊ ኩብረ ብዓል ኪዳነ ምሕረት ሰንበል፡ ሎሚ ዘመን ንመጀምርያ ግዜ ዕለት 16 ጥቅምቲ 2018 ከቢሩ ዊዒሉ። እዚ ዝኾነሉ መኽንያት ድማ ምስ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት ብሓደ ይውዕል ስለ ዝነበረ በበዩኑ መዓልቲ እንተኾነ ይሓይሽ ተባሂሉ ብብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ምስ ቀሞስን ቤት ምኽሪ ምእመናን ወከልቲ ምእመናን ተዛትዮም ዝወሰንዎ እዩ።**

**ነዚ ብዓል ብዝምልከት ናይ ታስዕቲ ጸሎትን ኣስተምህሮታትን ክግበር ድሕሪ ቀንዩ ብድሮ ብዓል ከኣ ሊቃውንቲ ያሬዳውያን መዘምራን ብዋዜማ ንቅድስቲ ድንግል ማርያም ክውድስዋ ኣምሰዮም። ንጽብሒቱ እውን ማሕሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ ብጽዕ ሊቀጳጳሳት ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ።**

**ድሕሪ ቅዳሴ ዑደት ምስ ተገብረ ከኣ ያሬዳውያን መዘምራን**

“ኣማን ብኣማን ኪዳኒኪ ዘይሃልቅ፥ እናበሉ ወረብ ገበሩ። ካብኡ ብምቅጻል መንእሰያት ንኽብሪ ማርያም ዝገልጽ መዝሙር ምስ ዘመሩ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣብ ዘስምዕዎ ቃል ስብከት፡“ኣብዚ ቁምስና ዘሎኹም ምእመናን ድሮ ሰለስቲ ሚእቲ በጺሕኩም ኣሎኹም፡ እዚ ብሓቂ ዘሓጉስ እዩ። ናይ ቁምስናኹም ዓመታዊ ክብረ ብዓል መዓልቱ ስለ ዝተቀየረ ባህ ዘይበለኩም እንተለኹም ካብ ሎሚ ንድሓር ኩራ ግደፉ፡ ሓቂ ክንዛረብ እንተኮይኑ ካብ ጳጳስ ንላዕሊ ነዛ ቁምስና ኣይትሓልዩላን ኢኹም። ብሓይሊ ኪዳነ ምሕረት ቤተክርስቲያን ሰሪሕና ዝተደራጀወት ቁምስና ክትከውን እዩ ሕልምናን ጸሎትናን፡ ስለዚ ምፍልላይ ገዲፍና ሓንቲ ስድራ ክንከውን ይግብኣና። ካብ ሎሚ ንድሓር እዛ መዓልቲ እዚኣ ርሕስቲ ትኹነልና ኢልና ብሓጎስ ንቀበላ።

እግዚእብሔር መሓሪ ስለ ዝኾነ ንበደላትና ረሲዑ ንኽድሕነና ነቲ ሓደ ወዱ ከይነፈገ ክሰደልና ምስ መደበ፡በቲ ምስጢራዊ መንገዱ ንማርያም መሳርሒት ክትኮኖ መረጻ። ብእኡ መኽንያት ድማ ማርያም ካብ ጽንሰታን፡ ካብ ፍጥረታን ጀሚራ ንጽሕቲ ክትከውን ግቡእን ኣድላይን ነይሩ። እቲ ካብኣ ዝውለድ ብሩኽ ስለ ዝነበረ፡ ንሳ ከኣ ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረኽኪ እኺ ተባሂላ። ባርያኡን ኣገልጋሊቱን እንከላ ኣዲኡ ገይርዋ። ኪዳነ ምሕረት ኣብ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ታሪኽና፡ ብዙሕ ተኣምር ገይራ እያ ንርስያ ድኣ ኮይና እምበር። ስለዚ ካብኣ ኣይንፈለ፡ ሎሚ’ውን ናብኣ ክንምሕጸን ይግብኣና። ማርያም ኣደ ምሕረት ስለ ዝኾነት ካብቲ ፍቑር መድሃኒ ዓለም ወዳ ምሕረት ከተምጽኣልና እያ። ይኹን እምበር ከምቲ ኣምላኽ ክሰምዓና ንደልዮ ንሕና ድማ ንሱ ንዝብለና ክንሰምዖ ይግብኣና እዩ። በቲ ንሱ ዝብለና መንገዲ ንኺድ፡ካብ ክፉእ መንገድና ንመለስ፡ ኢዱ ዘርጊሑ ክቅበለና መሓርትን መፍቀርትን ንኹን።

ኩሉኹም ካብ ርሑቅን ቀረብን ዝመጻእኩም ኪዳነ ምሕረት ባዕላ ጻማኹም ትሃብኩም። ዝተባረኸን ዝተቀደሰን መዓልቲ ይግበረልና። ብምባል ስብከቶም ዛዘሙ። ድሕሪ ቅዳሴ ናይ ሓባር ቁርሲ ምስ ተግበረ ከኣ እቲ በዓል ብመዝሙር ምስጋና ተዛዚሙ።

## ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ስብከተ ወንጌል

ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግስትኣብ ተስፋማርያም ብመኽንያት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ስብከተ ወንጌል ብዕለት 21 ጥቅምቲ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት መስዋቲ ቅዳሴ ኣዕረጎም። ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ድሕሪ ወንጌል ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት “ሎሚ ኣብ መላእ ዓለም ዝብዓል መዓልቲ ስብከተ ወንጌል እዩ። ሎሚ ዓመት ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ነዚ መዓልቲ እዚ ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዝጽሓፉልና መልእኽቶም፡ ”ምስ መንእሰያት ከይንኩም ንመላእ ዓለም ወንጌል ኣበስሩ።

ነዚ ሓሳብ እዚ ምስ መንእሰያት ከስተንትኖ እንከሎኹ ደስ ይብለኒ። እዚ ማለት ምስ መንእሰያት ከስተንትኖ እንከሎኹ ንኹሉም እረኽቦም እሎኹ ማለት እዩ። ስብከተ ወንጌል ዘይበጽሖም ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ኩልና ከምእንፈልጦ  ኣብ ዓለምና እቲ ዝበዝሐ ሕዝቢ ብርሃን ክርስቶስ ዘይበጽሖ ወይ ዘይርኣየ እዩ። እዚ ስብከተ ውንጌል እዚ ንኹሎም እቶም ዝተጠምቁ ከበስርዎ ሓላፍነቶም እዩ። እዚ ማለት ኩልና ንስራሕ ስብከተ ወንጌል ዕዱማት ኢና።

ኣብ ማቴ 28፥18-19 ከምዘንበብናዮ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ “ስልጣን ሰማይን ምድርን ኩሉ ተዋሂቡኒ ኣሎ። ኪዱ ንኹሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጠመቅኩም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም። ከምኡውን ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ክሕልዉ ምሃርዎም” ኢሉና። ስለዚ ነዚ ቅዱስ ጸዋዕታ ክንፍጽም ተጊህና ብእምነት ንበገስ። እምነትና ክትዓቢ እንተኮይና ኣርባዕተ ነገራት ክንገብር የድልየና። እዚ ማለት፡- 1ይ ጽሎት፡ 2ይ ቃል ኣምላኽ ምስማዕ። 3ይ ምስጢረ ንስሓን ቁርባንን ምዝውታር፡ 4ይ ግብረ ሰናይ ምፍጻም፡ እዚ ማለት ሕሙማት ምብጻሕ ንጥሙያት ምዕንጋል ወዘተ. . ። ኢሎሙና።

ኣብዚ ግዜ እዚ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣብ ሮማ ሲኖዶስ ይካየድ ስለ ዘሎ፡ ኣብኡ ከኣ ካብ ምሉእ ዓለም ዝመጹ 300 ዝኾኑ ጳጳሳት ካህናት ደናግል ምእመናን መንእሰያትምስኦም ይሳተፉ ኣለው። ምስኦም ኮይኖም የብዕልዎ ኣለዉ፡ ንሕና ከኣ ምእንቲ እቶም ወንጌል ከበስሩ ኣብ ምሉእ ዓለም ተዋፊሮም ዘለዉ ከምኡ እውን